


# ኣደ ጽንዓት !

ብስምኪ ክጅምር ስለኺ ክዝምር
ንዓለም ክዞራ ኣኸናፊይ ገቲረ  ክነፍር
ኣደ ጀጋኑ ኢለ ብዓውታ ክጭድር
ንዝናኺ ክትርኽ ብዝተቓነ ኣውታር
ኤርትራዊት ኣደ ናይ ጽንዓትና  በሃር :

ድርብ ዝቃልስኺ ከምጸሎት እንክደጋገም
ፍቕርኺ ተመጊበ ንሃገር ክምእርር
ሞራልኪ ሰኒቑ ነቲ ጸልማት ክሰግር
ኣብዝጸንከረ እዋን ዝኾንክኒ ማእገር :

ኣብ እዋን እቶ እቶ ኣብቲ ጽልግልግ
ዘይንፋስና ክነፍስ ዘይደበናና ክዓርግ
ሕቶና ሰማዒ ዝስኣነ ኣብቲ ግዜ ጸዋግ
ዋሕዚ ናይ ደርጎኛ ከምደሮና ክዓጉግ
ፈኸራኡ ንዘርእኺ ሓኺኹ ክጸራርግ :

መን ነይሩ ተገዲሱ ዝሓተተ ብኣኺ
መን ነይሩ ኣጆኺ እናበለ ዘጸናንዓኪ
ወላኳ ሓደ ኣይነበረን ዝዝቲ ስለኺ
መድሃኒትኪ ግን ተወሊዱ ካብ ከርስኺ :

ናይእዛ ዓለምና ጽውጽዋይ ኣይተቓልብሉ
ተዋስኦ ሎሚዘመን ምኣስ ሓድሽ ኮይኑ
ከይተበገሰ ዝወጸ ዕርቃኑ ኣስከሬኑ
ሽርሒ ትሓንጎጦም ንሓቂ ክሃድኑ
ኣርወ ኮይኑ ክጥንጠነኪ ሰብ ተመሲሉ :

ሕጊ ኩዒትካ ቅበር ናይ ኒዉዮርክ ደያኑ
ኣናፍራ ቆቓሕ ዘይፈልጥ ምኣስ ሃዳናይ ኮይኑ
ኣንፈት ጉዕዝኡ ዘምበብክዮ መሬት ብእዋኑ
ሓቂ መቐነትኪ ንሓያላት ኣድኒኑ
ንግስቲ ጽንዓት ዘይትድፈሪ ብቐሊሉ

ኤርትራዊት ኣደ ደስ ይበልኪ
ስለእቲ ውዕለትኪ ዮሃና ክብለኪ
ንዓለም ኀይቶታ ኢና ብሃልቲ
ብሕጊ ሞጊትኪ ኣመና ዝረታዕኪ

ደባት ሃገርኪ ኣብ ኣፍሪቃና ዘነጸርኪ
ኤርትራዊት ኣደ ደስ ይበልኪ
ዮሃና ዮሃና ደጋጊመ ክብለኪ :

ብድሎ ዝዓለልኪ ድርብ ዝቅናትኪ
ካብ ጽንዓት ንሽነት ዝወለድኪ
ንባዕልኺ ከምተወለ እናሓመልኪ

ነቲ ጸልማት ድነ ገላሊህኪ ዝቐንጠጥኪ
ስዮማይ ኣቢልክዮ ንደመኛ ጸላኢኺ ፡

ኢሎምኒ ነጊሮምኒ ዝውዓሉ ምሳኺ
ኣብቲ ረሳን ሞቕሎ እናደበልኪ ክትዕልሊ
ሓዞ ኣርክቦ እናበልኪ ሞራል ከተስንቒ
ንብጸትኪ ዘይትበቒ እቲ ፍሽኽታኺ
ኣልፉን ኦሜጋን ኩሉ ካባኺ ኩሉ ናባኺ
ኤርትራዊት ኣደ ሞሳ ኣሎዎ ሞያኺ ፡

## ኤርትራዊት ኣደ !

ንግስቲ ኢኺ ንግስቲ ሃገር ክበሪ
ልዕለቲ ኢኺ ጎይታ ቀይሕ ባሕሪ
ሂወት ዝለበስኪ ንዕምሪ ብዕምሪ
ኣርሓ ደጀኝ ኢኺ መዛግብኪ ስምሪ
ኣደ ጅግና ኢኺ ሞቕሕ መግዛእቲ ሰባሪ
ንባዕልኺ ጅግና ትኩርቲ ከም ንስሪ
ክብረትኪ ወኒንኪ ሰማይ-ሰማይ ብረሪ ፡

ርሒብ ቀላይ እዩ ልብኺ ንዘስተብሃለ
ለውሃትኪ ዘልኣለማዊ ሂወት ዝፈልፈለ
ዘይትምነዊ ንፍቕርኺ ዘስተማቕረ
ዓምብብለይ ጽገይለይ ምቅርቲ ፍረ
ንበርለይ ኣንቲ ጸዳል ጓል ኤረ
ክበርለይ ኣብ ወርቂ መንበረ ፡

ኣንቲ መስቀል ብራቕ ኩሉ ዝሃርፈኪ
መኸተ ንኹሉ ዓረ ዝቕናትኪ
መመሊሱ ዝብልግ መዳርግቲ ኣልቦ ፍሬኺ ፡

ኩሉ ኣብዙርያኺ'ዩ ዝዓጉግ
ኣደ ጅግና ኢሉ ናባኺ ክሰግድ
መሶብ ብሂራትና ሓድነት ዝእንግድ ፡

ካብ ማህጸንኪ ዝፈረ ወዱ ይኹን ጓሉ
ደጀን'ዩ ዘይንቕነቕ ምእንቲ ሃገሩ
ከውሒ እዩ ዘይንደል ብቐሊሉ
ጭማርኡ በሊሕ ዘቦ ሰናድሩ ፡

ብዓል ድሩዕ ዋልታ ሓቂ ዝዝናሩ
ሓኾተ ንስራሕ ንምዕባለ ተመራሚሩ
ናይ ትማሊ ትምኒት  ሎሚ ተበሲሩ
ባሕሪ ጎሲዑ መሬትውን ነጊሩ ፡

ብርሃን ኢኺ ብርሃን ዝደመቐ ብርሃን
መቐረትኪ ዝመቀረ ከም ወለላ ምዓር

ውዕለትኪ ዘበለ ዘይርከቦ ኣበር
ጽንዕቲ ኣዴና ዓንዲ ሕቖ ሃገር ፡

ዘውዲ ኣብ ርእስኺ ንሱኳ ክውሕደኪ
ኣምባር ኣብ ኢድኪ ስለቲ ግርማኺ
ስልማት ኣብ ክሳድኪ ስለቲ ክብርኺ
ኣኽሊል ማዕሬኺ ጋማ ንዓኺ ፡

ኣዴና ኣደኩልና ኣዴና እንዲኺ
ፈራይት ሓቂ ዘይድየብ ብራኼኺ
መሳኺት ሽግር ዘይጽዓት ቃልስኺ
ሓብሓቢት ሃገር ኣዴና ኢኺ
ኩሉ ብኣኺ ኩሉ ናባኺ ፡

ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታትና

ዓወት ንሓፋሽ !

መድሃኔ ተስፋኣለም



8 መጋቢት 2008